**ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ** **حزب النهضة الإريتري**

**Eritrean Nahda Party**

---

# ኣብ ጀኔቭ ስዊዘር ላንድ ፣ ኣብ ሆላንድ ፣ ኣብ ፈረንሳ ፣ኣብ ርያድን ‘ 31 ጥቅምቲ ዝተገብረ ህዝባዊ ምልዕዓል ኣብ ኤርትራ ደጊፎም ስለማዊ ስልፊ ኣካይዶም ፣










መቓጸልታ ናይቲ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ዓለም ክካየድ ዝቐነየ፡ ንህዝብዊ ደገፍ ሰውራ 31 ጥቕምቲ ናይ ሕምብርቲ ኣስመራ ኣኽሪያን ፡ንምኹናን ነቲ እኩይ ተግባራት ናይቲ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ንሃገራት ዓለም ንምግላጾምን ዝዓለመ ፡ትማሊ ዕለት 10 ሕዳር 2017 እውን ኣብ ጀኔቭ፡ኣምስተዳም፡ኣብ ፓሪስ፡ ርያድን ከተማታት እውን ቀጺሉ ዊዒሉ ።

እዚ ኣብ ኩለን ዝተጠቕሳ ከተማታት ዝተኻየደ ሰላማዊ ሰልፊ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ህዝቢ ዝተሳተፍዎ ሰላማዊ ሰልፊ ምንባሩን ፡ **መሰል ሃይማኖታት ይታሓሎ ! ኣውያት ህዝቢ ይሰማዕ ! ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጎንኻ ኣለና ! ሕጊ ይንገስ ! ይኣክል ባርነት! መራሕቲ ሃይማኖን ዓብይቲ ዓድን ይፈትሑ ! መግዛእቲ ኢሰያስ የብቕዕ !**





ዝብሉን ካለኦትን ጭርሖታት ሒዞም ጸሓይ ዝናብ ቀዝሒን ሙቑትን ከይበደሆም ህዝቦም ንምድሓን ብተግባር ኣብ ጎኒ ህዝቦም ደው ዝበሉሉ ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ዝተሳፈኡ ምንባሩን ንነዊሕ ሰዓታት ድምጺ ህዝቢ ክስማዕ ኣለዎ ፡ መልሱኹም ንጽበ ኣለና ክብሉ ንኩሎም መንግስቲ እተን ሃገራት ዝበሉሉ ኣቃልቦ ብዙሓት ማዕከናት ዜና ሲሒቡ ዝወዓለ ሰላማዊ ሰልፊ ምንባሩን ንወይጦት ደገፍቲ እቲ ስርዓት እውን ዘሰምበደ ምንባሩ ተረጋጊጹ ።

እዚ ሰላማዊ ስልፊ ናይ 10 ሕዳር ኣብ ኩለን ሃገራት ብልዙብን ምቕሉልን ኩነታት ከምዝተኻየደን ፡ካብቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዝካየድ ዝነበረ ሰልፍታት ብመልክዕን ሕብርን ሱታፌ ዝዓበየን ዑዉትን ምንባሩን ተሓቢሩ ። እዚ ብዘይካ ናይ ከተማ ሪያድ ብኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ዝተዋሃሃደ ፡ እቲ ናይ ካለኦት ከተማታት ፡ ብደለይቲ ፍትሕን ደለይቲ ለውጥን ኤርትራውን ዝተዋሃሃደን ዝተዳለወን ሰላማዊ ሰልፊ ኣንጻር ግበታዊ ስርዓት ህግደፍ ምንባሩ ካብቲ ቦታታት ዝመጸና ሓበሬታ ወሲኹ ኣረጋጊጹ ።

**ክፍሊ ዜና ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ**

11 ሕዳር 2017